# እቲ ግምቢ-ቋንቋ



# ናብ ”ግምቢ-ቋንቋ” (språkslottet) እንኳዕ ብደሓን መጻእኩም!

ቋንቋ ከም ሓደ ብዙሕ ክፍሊታት ዘሎዎ ግምቢ እንዳ-ንጉስ እዩ። ኣብዚ ድማ፡ ናይቶም ክፍሊታት እቲኦም መዓጹ ንምኽፋት እትኽእለሉ መፋትሕ ክትረክብ ኢኻ። እቶም ናትካ ቃላት፡ ንውላድካ ዓለም ኪኸፍቱሉ እዮም።

## መዓስ'የ ኣነ ምንባብ ኪጅምር ዚኽእል?



ሕጂ-ሕጂ ጀምሮ! ቆልዑ ነቲ ናታቶም ቋንቋ ዘማዕበልዎ፥ ቅድሚ ባዕላቶም ምዝራብ ዚጅምሩ እዩ። ምስኣቶም ሓቢርካ ተዛረብ፡ ዘምር፡ ደጋጊምካ መጽሓፍ ኣንብብ።




## በየናይ ቋንቋ ከንብብ ይግብኣኒ?

በቲ ዝቡቕ ጌርካ ትመልኮ ቋንቋ ጌርካ ኣንብብ፡ ዘምር፡ ተዛረብ። ሓደ ቆልዓ፡ ኣብ ሓደ ጊዜ ብዙሓት ቋንቋታት ኪመልኽ ይኽእል እዩ።


## እንታይ'ዩ ከንብብ ዘሎኒ?

ደስ ዝበለካ መጽሓፍ ኣንብብ! እቲ ኣዝዩ ኣገዳሲ ነገር፡ እቲ ምንባብካ እዩ። ናብ ቤተ-ንባብ እንተ ኼድካ፥ ኣብኡ ሓገዝ ክትረክብ ኢኻ! ካብቲ ቤተ-ንባብ ውን ብነጻ፥ ብኹሉ ቋንቋታት መጻሕፍቲ ክትልቃሕ ትኽእል ኢኻ። ቆልዓ ማኪናታት ይፈቱ ዩ? መጽሓፍ ብዛዕባ ማኪናታት ተለቃሕ!



## ብኸመይ ጌይረ ከንብብ ኣሎኒ?

- ብናትካ ኣገባብ ጌርካ ኣንብብ! ቆልዓ ድምጽኻ ኪሰምዕ የሐጕሶ እዩ።
- tዘሎዉ ስእሊታት እናኣመልከትካ ተዛረብ። እቲ መጽሓፍ ብዛዕባ ”ናለ” (nalle) ባምቡላ ዚዛረብ ድዩ? ናብቲ ናይቲ ቆልዓ ”ናለ” እናኣመልኩም ተዛረቡ።
- ከምቲ ናይቲ ቆልዓ ድሌት ግበር! እቲ ቆልዓ እንተ ደኣ ንሓንቲ ገጽ ደጋጊሙ ከንብባ ደልዩ፥ ንስኻትኩም ውን ከምኡ ግበር። ነቲ መጽሓፍ ብምሉኡ ምንባብ ኣየድልየኩምን’ዩ። ንሓጺር ጊዜ ምንባብ ኣኻሊ እዩ።
- ብሓደ ኹንኩም ጥዑም ናይ ህድኣት ጊዜ ኣሕልፉ! ነታ ሞቢልን ነታ ቲቪን ዕጸዉወን። ምስቲ ቆልዓ ዓይኒ-ንዓይኒ ክትርእኣዩን - ናብቲ መጽሓፍ ክትጥምቱን ንምኽኣል፥ ተቐራሪብኩም ኮፍ በሉ።
- ኣብ ኩሉ ቦታታት ኳንኩም ኣንብቡ! ኣብ ጣውላ ናይ ክሽነ፡ ኣብ ባዞ ናይ ቆልዓ፡ ኣብ ዓራት፥ ኣብ ኩሉ ቦታታት። መጻሕፍቲ ኩሉ ጊዜ ኣብ ጥቓኹም ይሃልዉ። ሽዑ ድማ እቲ ቆልዓ እንታይ ምኻኖም ባዕሉ ከለልዮም እዩ።
- ዋላ እቲ ቆልዓ እናዓበየ ምስ ከደ ውን፥ ነቲ ዓው ኢልኩም ምንባብ ቅጽልዎ! ብዙሕ ሃብቲ-ቃላት ኪህልወካ፥ ኣብ ጊዜ ቤትትምህርቲን - ንምሉእ ዕድሜኻን፡ ዓቢይ ትርጉም ዚህልዎ እዩ።





እቲ ዞኣበየ ህያብ ንቖልዓ ክትገብረሉ ትኽእል፥ ቋንቋኻ ምውራስ እዩ።






ኣብቲ ዓቢይ ናይ ቋንቋና ግምቢ፡ ሓንቲ መንበቢት ጋዝ በሪሃ ኣላ
ሕሹኽ ኣብ እዝንኻ፡ ንሳ ሕሹኽ ምባል ትፈቱ'ያ

ካብቲ ናይ ኣጻብዕካ ጫፍ፡ ናብ ርእስኻ ዘሊላ
ናብ ኣፍንጫኻ ዓሊባ፡ ሽዑ -ሽዑ ምንባብ ጀሚራ

ሽዑ ትወርድ ኣንሻቲሓ ናብ ከብድኻ፡ ምሉእ መዓልቲ ኣብ ሕቑፎኻ
ሽዑ ኣጻብዕትኻ ስዒማ - ክሳብ ሓሙሽተ ቆጺራ፡ ትኸይድ ናብ ገዝኣ ነፊራ

ደረስቲ፡- Susanne Granberg ከምኡ ውን Sofia Sundström

---

እዚ "ግምቢ- ቋንቋ'ዚ" (Språkslottet)፡ ኣብ ሶርምላንድ-ኮሙንን - ኣብ ምሉእ ዞባ ሶርምላንድን ዚርከቡ ነንበይኖም ጥፈታት፥ ንናይ ንኣሽቱ ቆልዑ ቋንቋ ንምምዕባል ዚግበር ወፍሪ ስራሕ'ዩ።

Biblioteksutveckling
Sörmland